## ከቢድ ጸለመ

ምጽላም ንሓደ ሰብ ወይ ንብረቱ ጉድኣት ከብጽሕ ምፍርራሕ እውን ዘጠቓልል እንተኾይኑ፡ ወይ ንኻልኦት ኣብ ልዕሊ ሓደ ሰብ ወይ ንብረቱ ኣካላዊ ጉድኣት ከብጽሕ ምፍርራሕ ዘጠቓልል እንተኾይኑ ገበናዊ ጥፍኣት እዩ። እዚ ከቢድ ጸለመ ዝበሃል ኮይኑ ናብ ፖሊስ ከዓ ክሕበር ይግባእ።

### ኣብነት፥

ኣብ እዋን ሰላማዊ ሰልፊ: ሓደ ኣብቲ ሰላማዊ ሰልፊ ዘይሳተፍ ኣባል ህዝቢ ኣብ ልዕሊ እቲ ተሰላፋይ ጉጅለ ዓመጽ ከም ዝፍጸም እንተድኣ ዘፈራርሕን ካልኦት እውን ከምኡ ክገብሩ ዘተባብዕን፤
እዚ ናይ ዓመጽ ስግኣታት ኣብ ሃይማኖታውን ብሄራውን መለለዪ ናይቲ ጉጅለ ዝተመርኮሰ እንተኾይኑ፤

ብኸቢድ ጸለመ ዝተፈርደ ሰብ ክሳብ ሰለስተ ዓመት ክቕጻዕ ይኽእል እዩ።

## ኣብ እተምልክተሉ እዋን እንታይ ክትጽበ ኣለካ

ሓደ ፍጻመ ከምዝተፈጸመ ክትሕብር ከለኻ፡ ኣበይ ከም ዘለኻ ክትሕብርን እንታይ ከም ዘጋጠመካ ወይ ዝረኣኻዮ ክትገልጽን ይግባእ። ኣብቲ ናይ መጀመርታ መርመራ፡ ፖሊስ ንግዳያትን መሰኻኽርን ቃለ መሕትት ክገብር፡ ዝርዝር ሓበሬታ ክምዝግብ፡ ኣድላይነት ምሕላው ግዳያት ክግምግምን ኣካላዊ መርትዖ ክእክብን ይኽእል። ሽምካ ክይትግለጽ   እትኽእል እኳ እንተኾንካ፡ዘይምግላጹ ፖሊስ ነቲ መርመራ ብኸመይ ከም ዝቕጽሎ ክጸልዎ ይኽእል እዩ። ኣብ ከባቢኻ ዝፍጸም ዝኾነ ይኹን ብጽልኢ ዝተደፋፍኡ ገበናት ክትሕብር ክነተባብዐካ ንደሊ።

## ናይ ምምልካት ኣማራጺታት

ኣብ ልዕሌኻ ወይ ኣብ ካልእ ሰብ ዝተፈጸመ ገበን፡ ብጽልኢ ዝተደፋፍአ እዩ ኢልካ እንተኣሚንካ፡ በዚ ዝስዕብ መንገዲ ክትሕብር ትኽእል ኢኻ፤

- **ህጹጽ፥** ሕጂ ገበን ዝፍጸም እንተኾይኑ ትሪፕል ዜሮ (000) ደውሉ።
- **ፖሊስሊንክ፤** ገበን ብኢንተርነት ኣብ police.qld.gov.au/policelink-reporting ምሕባር ወይ ድማ ብ 131 444 ደውሉ።
- **ገበን ደው ዘብሉ፤** ስሞም ከይተገልጸ ዝግበር ናይ ዘይህጹጽ ገበናዊ ንጥፈታት ምምልካት ወይ ጥርጡር ተግባራት ናብ crimestoppersqld.com.au ተወከሱ ወይ ድማ ብ 1800 333 000 ደውሉ።
- **ብኣካል፤** ኣብ ዝኾነ መደበር ፖሊስ ብኣካል ገበን ከምእተፈጸመ ክትሕብሩ ትኽእሉ ኢኹም።

ብተወሳኺ **ንኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኲንስላንድ** ብ 1300 130 670 ብምድዋል ወይ ብኢንተርነት qhrc.qld.gov.au ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

Queensland Human Rights Commission

# ገበን ጽልኢ

## ብዛዕባ ገበናት ጽልኢ ዝምልከት ሕጊ ትፈልጡ ዶ?



**መሰላትካን** ንዘለዉ ናይ ምምልካት ኣማራጺታትን ኣፍልጦ ምሃብ ።

Queensland Government

Queensland Human Rights Commission

Queensland Government

## ናይ ጽልኢ ገበን ምርዳእ

ገበን ጽልኢ ብጽልኢ ዝተደፋፍአ ገበናዊ ተግባር ኮይኑ ኣብ ልዕሊ ሓደ ውልቀሰብ ወይ ጉጅለኣብ ልዕሊ ባህርያቶም ብዘለዎ ጽልኢ ወይ ወገናውነት መሰረት ዝፍጸም እዩ።

ናይ ጽልኢ ገበናት፤

- **ጸርፊ ዝመልኦ ቃላት ወይ ባህርያት**
  ስም ብሕማቕ ምጽዋዕ ወይ ምፍርራሕ ኮይኑ ብቐጥታ ምስ ናይ ሰብ ባህርያት ዝተኣሳሰር
- **ኣካላዊ መጥቃዕቲ ወይ ዓመጽ**
  ምጉርፋጥ፡ ምውቃዕ፡ ምትፋእ፡ ምጽፋዕ፡ ምርግጋጽ፡ ኣጽዋር ምጥቃም፡ ምዕማጽ፡ ምቕታል ወይ ምፍርራሕ
- **ዕንወት ንብረት**
  ዕንወት፡ በሓዊ ኮነ ኢልካ ንብረት ምንዳድ፡ ኣጸያፊ ጽሑፍ፡ መቓብራት ወይ ናይ ኣምልኾ ቦታታት ምብስባስ
- **ምግፋዕ**
  ናይ ሓሶት ጥርዓን፡ ምጽንታይ፡ ቀጻሊ ዝደጋገም ጻውዒት ቴለፎን፤ ኢመይል ወይ መልእኽቲ ቴክስት
- **ኣብ ኢንተርነት ዝፍጸም ገበን።**
  ናብ ሰባት ወይ ናብ ውሑዳን ጉጅለታት ዘቕንዐ መልእኽቲ ወይ ጽሑፋት ጽልኢ፡ እንተላይ ብቐጥታ ዝጸልዉኻ ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣቢሉ።

ገበናት ጽልኢ ናብ ባህርያት ግዳያት ዘቕንዐ ኮይኑ፤

- **ዘርኢ**
- **ጾታዊ ርክብ**
- **ጾታዊ ባህርያት ይሓውስ፤**
- **ሃይማኖት።**
- **ጾታዊ መንነት**

ብጽልኢ ዝተደፋፍአ ፍጻመ ዘጋጠሞ ሰብ ነዚ ኩሉ ናብ ፖሊስ ክሕብር ንላቦ።

**ኣብነት፥**

ሓደ ወናኒ ድኳን ብሰንኪ ጾታዊ መንነቶም ብዓሚል መስኮት ድኳኖም ክስበር ከሎ።

## ኣድልዎን ዘይሕጋዊ ጸለመን ምርዳእ

ሕግታት ኣድልዎ ኲንስላንድ ንኹሉ ሰብ ብፍትሓዊ ኣተሓሕዛ ዝምልከት እዩ። ብሰንኪ ሓደ ነገር ብዛዕባኻ ዘይፍትሓዊ ኣተሓሕዛ እንተ ኣጋጢሙካ፡ ኣድልዎ ወይ ዘይሕጋዊ ጸለመ ክኸውን ይኽእል እዩ። እዞም ፍጻሜታት እዚኣቶም እቲ ዝተሓተ ደረጃ ገበናዊ ጥፋኣት ዘየማልኡ እውን እንተኾይኖም፡ እዞም ባህርያት እዚኦም ክሳብ ሕጂ ብመሰረት ሕጊ ኲንስላንድ ክልኩላት እዮም።

ዘይሕጋዊ ጸለመ ማለት ሓደ ሰብ ብሰንኪ ዓሌቱ፡ ሃይማኖቱ፡ ጾታዊ ባህርያቱ፡ ጾታዊ ባህርያቱ ወይ ጾታዊ መንነቱ ጽልኢ፡ ከቢድ ንዕቀት ወይ ከቢድ ላግጺ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ከለዓዕሎ ከሎ እዩ። እዚ ድማ ከም ብኢንተርነት ምግሳስ ወይ ኣብ ጽርግያ ንሓደ ሰብ ምግፋዕ ዝኣመሰሉ ነገራት የጠቓልል።

**ኣብነት፥**

ኣብ ሓደ ዓቢ ስልጠና ዝሳተፍ ዝነበረ ብባህሊ ፍልይ ዝበለ ሰብ፡ ኣብ ቅድሚ ካልኦት ኣሰልጠንትን ኣባላትን ናይቲ ኮርስ ብዋና ኣሰልጣኒ ንብሄሩ ብዝጸርፍ ኣስማት ተጸዊዑ፡ ውጽኢቱ ድማ እቲ ርእይቶታት በቶም ሰልጠንቲ ሰሓቕ ኣስዒቡ።

ኣድልዎ ማለት ኣብ ስራሕ፡ ቤት ትምህርቲ፡ ምስ መንግስቲ ኣብ እትገብሮ ርክብ፡ ወይ ኣብ ምንዳይ ኣቑሑትን ኣገልግሎትን፡ ብሰንኪ ከም ዓሌትካ፡ ጾታኻ፡ ስንክልናኻ፡ ሃይማኖትካ ወይ ጾታዊ ርክብካ ዝኣምሰሉ ዘይፍትሓዊ ኣተሓሕዛ ምስ ዝፍጸመካ እዩ።

**ኣብነት፥**

ንሓደ ተመሳሳሊ ጾታ ዘለዎም መጻምድቲ ዋላ እኳ ዝሐሹ ኣመልከትቲ እንተኾኑ ክራይከካርዮም ዝኣበየ ትካል ክራይ።

ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረኽቡ ወይ ድማ ምስ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኲንስላንድ ብምርካብ ጥርዓን ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም።

